ክታበት COVID-19

# ነቲ ሓቅታት ፍለጦ።

ሕጂ ዕድሜኦም 5ን ካብኡ ንላዕልን ዝኾኑ ክኸተቡ ይኽእሉ

ጥዕና ውሉድካ ሓሉ። ንጥዕና ማሕበረሰብካ ሓሉ።

## ቈልዑን መንእሰያትን ምስ ዝኽተቡ ዝያዳ ውሑስነት ይረኽቡ።

ክታበት ንኹሉ ሰብ እንተላይ ንቈልዑን ንመንእሰያት ካብ COVID-19 ይከላኸለሎም እዩ። እቲ ኽታበት ቈልዑን መንእሰያትን እንተ ሓሚሞም እውን ኣመና ኸይሓምሙ ይከላኸለሎም እዩ።

ንደልታ ቫርያንት ሓዊሱ ካልእ ብቐሊሉ ዚለብዕን ብርቱዕ ምልክታት ዘለዎን ሓድስቲ ዓይነት COVID-19 ኣሎ። ክታበታት ንሽም ደልታ ዝኣመሰለ ይከላኸል እዩ።



## ውሑስን ውጽኢታውን

- ኣብ ታሪኽ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንውሕስነቱ ከም ናይዚ ገይሩ እተፈተነ ካልእ ክታበት የልቦን።
- እቲ ኽታበት ንቈልዑን መንእሰያትን ዓበይቲ ሰባትን ከምኡ እውን እተፈላለየ ዓሌትን ዘርእን ዕድመን ንዘለዎም ሰባት ውሑስ ምዃኑ ተረጋጊጹ እዩ።
- እቲ ኽታበት ንደቅኹም ኣብ መጻኢ መኻናት ከም ዚገብሮም ዘረጋግጽ መርትዖ የልቦን።

## ንኹሉ ሰብ ብናጻ

- ንስኻን ውሉድካን ዘለኩም ናይ **ኢሚግሬሽን ኲነታት** ብዘየገድስ ብናጻ ኽትክተቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- ንስኻ ኾነ ውሉድካ ክታበት ንምኽታብ **ወረቐት መንነት ከተርእዩ** ወይ **ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ** ክህልወኩም ኣየድልን እዩ።

## ንቈልዑን ንመንእሰያትን ምኽታብ ንጥዕና ምሉእ ማሕበረሰብ የዕቍብ እዩ።

ሓደ ሰብ ሓንሳእ ምስ ተኸተበ፡ ንኻልኦት COVID-19 ከምሓላልፍ ዝያዳ ኣጸጋሚ እዩ። ብቝዓት ቈልዑ ምስ ዚኽተቡ፡ ጥዕና እዞም ዝስዕቡ ይሕሉ፦

- ገና ዘይተኸትቡ ዓዕሩኽቶምን ቤተ ሰቦምን።
- COVID-19 ክሕዞምን ብሰንኩ ድማ ከቢድ ሕማም ክሓምሙ ዝኽእሉ ብዕድመ ዝደፍኡን ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም ሰባትን።

ቈልዑን መንእሰያትን ብዝተኽቡ መጠን፡ ኣብያተ ትምህርትን ድኳናትን ክኽፈት ይኽእል እዩ።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus

# እንታይ ክትጽበ ትኽእል

## ውሉድካ ሓንሳእ ክታበት COVID-19 ምስ ተኸትበ፡ ናብ ንቡር ንጥፈታቶም ክምለሱ፡ ማለት ናብ ቤት ትምህርቲ ኽምለሱ፡ ስፖርት ክጻወቱ ኽምኡ እውን ንኣዕሩኽቶምን ስድራ ቤቶምን ክበጽሑ ይኽእሉ እዮም።



### ኣብቲ ቜጸራ፦

- እቲ ነርስ ወይ ሓኪም ንውሉድካ ቁድሚ ምኽታቡ፡ ብዛዕባኡ ኽነግረካ፡ ብዛዕባ ጥዕና ውላድካ ኽትተካ፡ ከምኡ እውን ሕቶታት እንተ ኣልዩካ ኽሓትተካ እዩ።
- ውሉድካ፡ ቊጥዓ ኣካላት (ኣለርጂ) እንተ ኣልይዎ ንምፍላጥ፡ ካብ 15-30 ደቒቕ ክጸንሕ ኣለዎ።



## ቀሊል ጐድናዊ ሳዕቤናት ንቡር እዩ።

ጐድናዊ ሳዕቤናት ወድኻ COVID-19 ሒዝዎ ማለት ኣይኰነን።

ጐድናዊ ሳዕቤናት ክርአ ኽሎ፡ እቲ ኽታበት ንሰብነት ወድኻ ንCOVID-19 ብኸመይ ከም ዝቃለሶ ይምህሮ ኣሎ ማለት እዩ።

ቀሊል ጐድናዊ ሳዕቤናት ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፦

- ☐ ኣብቲ እተኸትበሉ ቦታ ቃንዛ ወይ ሕበጥ
- ☐ ድኻም
- ☐ ርእሲ ሕማም
- ☐ ቅርጥማት
- ☐ ምቊራር
- ☐ ረስኒ
- ☐ ዕግርግር



## ከቢድ ጐድናዊ ሳዕቤናት ግን ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም

**እቲ ኽታበታት ውሑስ እዩ። ውሉድካ ብሰንኪ ኽታበት ዘይኰነስ ብሰንኪ ረኽሲ COVID-19 ከቢድ ሕማም ክሓምም ኣዝዩ ዝሰፍሐ ዕድል ኣሎ።**

ሒደት ዝቑጽሮም መንእሰያት ከም ነድሪ ልቢ (ማዮካርዲቲስ ወይ ፐሪካርዲትስ ዝብሃል) ወይ ምርጋእ ደም ዝኣመሰለ ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣጋጢምዎም እዩ።

- ከቢድ ጐድናዊ ሳዕቤናት **ኣመና ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም**
- ከቢድ ጐድናዊ ሳዕቤናት **ክሕከም ይኽእል እዩ** ከምኡ ኣጋጢምዎም ዝነበረ ብዙሓት ሰባት ድማ ሒሸዎም እዩ
- እቲ ረብሓታቱ ኻብቲ ኸስዕቦ ዝኽእል ፖድኣት ኣመና ይዛይድ

## ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንሓኪምካ ሕተቶ

ብዛዕባ ክታበት COVID-19 ዝያዳ ንምፍላጥን ካልእ ውሉድካ ኸድልዮ ዝኽእል ክታበታት ንሓኪም ወይ ነርስ ውሉድካ ሕተት።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus